# ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ

## ካልኣይ ክፋል

ኢትዮጵያውያን ታሪኽ ምጥምዛዝ ስራሕና ኢሎም ሒዞሞ። ወያነ ነዚ ባዕልና ዝሰራሕናዮ ታሪኽ ዘይመልክዐ ክህብዎ ንርእዮም ኣሎና። ዘይሓፍሩ ምኻኖም ድማ ሻዱሻይ ወራር ከም ባዕላቶም ዘፍሸልዎ ኮይኖም ክዛረቡ እንክለው እዚ ኣፈጨለ'ዩ ኢልካ ዝሕለፍ ኣይኮነን።

ወያነ ኣብ ሻዱሻይ ወራር ኣይተሰውኡን ማለት ኣይኮነን። ወታደራዊ ቅዲ ወያነ ናይ 16 ክፍለ ዘመን እዩ ነይሩ ንሱ ድማ ኣብ ኾናት ዝሞተ ይሙት ኢሎም ሆ እንዳበ ሉ እዮም ዝዋግኡ ነይሮም፣ ካብ ኣፎም ንሰምዖ ዝነበርና ኩሎም ሰራዊት ወያነ ክጠንን እየ እንዳበሉ ከም ቈጽሊ ይረግፉ ነይሮም። መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር እቲ ኩነታት ኣሰኪፍዎም ንመራሕቲ ወያነ ጸዊዖም እዚ ተካይድዎ ዘሎኹም ውግእ ቅድሚ 5ተ ወለዶ ዝነበረ ቅዲ ኾናት እዩ ኣየዋጽኣኩምን'ዩ። ስለዚ ሰራዊትኩም ወታደራዊ ስልጠና የድልዮም ኣሎ ኢሎሞም። ካብኡ ንደሓር ወያነ ተረዲእዎም ቀጻሊ ቦጠሎኒ እንዳሰደዱ ናይ 6ተ ወርሒ ስልጠና ይወሃቦም ነይሩ።

ሓንቲ ቦጠለኒ ናይ ወያነ ኣብ መወዳእታ 1981 ስልጠና ክትወስድ ንሳሕል መጺኣ ኮይኑ ግን ኣብ'ቲ እዋን 6ይ ወራር ይሻባሸብ ነይሩ። እታ ናይ ወያነ ቦጠለኒ ወታደራዊ ስልጠና እንዳ ወሰደት እንኮላ 6ይ ወራ ጀሚሩ። ነቲ ወራር ንምፍሻል ስንኩል ባል ህዝባዊ ግንባር ከይተረፈ ክቲትሉ ዝነበረ እዋን እዩ። እታ ወታደራዊ ስልጠና ዝወሃባ ዝነበረት ቦጠሎኒ ወያነ'ውን ክቲታ ኣብ'ቲ ውግእ ተኻፊላ እያ። ስለዚ ተጋደልቲ ወያነ ኣብ ሳሕል መስዋእቲ ከፊሎም እዮም እዚ ታሪኽ እዩ ኩሉ ኤርትራዊ ዝፈልጦ ሓቂ'ዩ።

እቲ ዘገርም ግን ሰራዊት ኤርትራ ኣብ መሬት ኢትዮጵያ መስዋእቲ ዝኸፈሎ ክሒዶም ወያነ ብዙሕ ኣጀውጅው ክብሉ እንክለው ብጣዕሚ ዘሕዝን እዩ።

ኣብ 77 -78 ዓ/ም ብዙሓት ከተማታት ኤርትራ ነጻ ወጺአን ነይረን፣ እንተኾነ ግን ደርግ ኣብ 78 ወራር ሶማል ዛዚሙ ኩሉ ወታደራቱን ኣማኽርቱን ኣሰሊፉ ኤርትራ ንምድምሳስ ተበጊሱ። ስለዚ ነቲ ወራር ኣንፈቱ ንምቕያር ተሓኤ ኣብ መጀመርታ 1978 ቢንቶ ኣላማጣ ንምፍራስ ንወያነ ተወኪሳቶም። ወያነ ብወገኖም ድሓን ንምስናይ ጸገም የብልናን ኢሎሞም። በዚ መሰረት ሓይልታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብዙሕ ፈንጅታት ጽዒኖም ናብ ኣላማጣ ኣትዮም እንተኾነ ግን እቲ ምስጢር ስለ ዝዘርዎ እቲ ቦታ ብሰራዊት ደርግ ተታሒዙ ጸኒሕዎም ብዘይ ዓወት ተመሊሶም። ሰራዊት ተሓኤ ክምለሱ እንክለዎ ንተንቤን ዓብዪ ዓዲ ሃጅሞም ነጻ ኣውጺኦም ንወያነ ኣረኪቦምም ናብ መሬት ኤርትራ ተመሊሶም።

ወያነ ካብ 1985 ክሳብ 1988 ምስ ህዝባዊ ግንባር ዘይ ምጥዕዓም ነይሮም። ካብ ህዝባዊ ግንባር ወታደራዊ ሓገዝ ክረኽቡ ኣይከኣሉን። በዚ ምኽንያት ሰራዊት ደርግ ንወያነ ካብ መሬት ትግራይ ጸራሪጉ ኣውጺእዎም። ኮታስ ካብ'ቲ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቶም ደደቢት ወጺኦም ናብ መሬት ጎንደር ዋልቃይት ሰጊሮም። ምስ ጸበቦም ግን መራሕቲ ወያነ ናብ ህዝባዊ ግንባር መጺኦም ተጋጊና ኢና ሕጂ'ውን በጃኻትኩም ርድኡና ኢሎም ለሚኖምም።

መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ክሕግዝዎም ምኳኖም ቃል ኣትዮምሎም። ድሕሪ ሒደት መዓልቲ ጽጹይ መጽናዕቲ ተኻይዱ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ትግራይ ንሰራዊት ደርግ ደምሲሱ ንወያነ ካብ መሬት ጎንደር ዋልቃይት ናብ ትግራይ መሊስዎም።

ብድሕርዚ ወያነ ንሽረ እንዳ ስላሰ ነጻ ከውጽኡ 3ተ ወርሒ ዝኣክል ለይትን መዓልትን ውግእ ኣካይዶም ኮይኑ ግን ነጻ ከውጽእዋ ኣይከኣሉን። መራሕቲ ወያነ ከም ኣመሎም መጺኦም

ንመራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ሓግዙና ኢሎም። ተባዕ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ውሽጢ 3ተ ሰዓት ነጻ ኣውጺኦም ንወያነ ኣረኪቦሞም ንቦትኡ ተመሊሱ።

ወያነ ካብ ጸቢብ ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ወጺኦም ንዓባይ ኢትዮጵያ ክሰርሑ ከምዘሎዎም ብመራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ብተደጋጋሚ ይንገሮም ነይሩ። ኣብ 1989 ንኹለን ውድባት ኢትዮጵያ ኣብ ሳሕል ዓዲሙ ንሓንቲ ኢትዮጵያ ክቃለሱ ከምዘለዎም ኣብ ሓደ መኣዲ ኮፍ ዘበሎም ህዝባዊ ግንባር'ዩ።

ህዝባዊ ግንባር ምስ ወያነ ዝነበሮ ዝምድና ንእስትራተጃዊ ረብሓ ክኸውን እንከሎ ናይ ወያነ ፍልስፍና ግን ሕቡእ ኣጀንዳ ሒዝካ ክሳብ ዝጥዕመካ ስልታዊን ተንኰላውን ዝዓብለሎ ዝምድና እዩ ነይሩ። ኣብነት ንምጥቃስ ድማ ነቲ ብዶብ ኣሳቢቦም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝኣወጅዎ ደማዊ ኲናት ጭቡጥ መርትዖ'ዩ።

በብግዚኡ ዝማረኹ ዝነበሩ ወታደራት ደርግ ህ.ግ ሓርነት ኤርትራ ልዕሊ 25.000 ዝኾኑ ምሩኻት ፖለቲካ ምሂሩ መልሚሉ ነቶም ተጋሩ ንወያነ: ንኣምሓሩ ሓይልታት ኣሰንዩ ንጎንደር ንውድብ ኣምሓሩ ነቶም ኦሮሞ ድማ ሓይልታት ኣሰንዩ ብደቡብ ሱዳን ገይሩ ብጋምቤላ ሓሊፉ ናብ መሬት ኦሮሞ ኣትዩ ንኣነግ የረክቦም ነይሩ። ቃልስታት ኢትዮጵያ ክዓብን ክድንፍዕን ዘኽኣሎ ህዝባዊ ግንባር ነዘን 3ተ ውድባት ሰብኣውን ንዋታውን ሓገዝ ስለ ዝገበረሎም ዓቕሚ ሰበንን ሎጂስቲክን ኣጸቢቑ ተመሓይሹ። ድሕሪ ናጽነት ድማ 25 ሽሕ ምሩኻት ለቒቑ ንዓዶም ሰዲድዎም። ልዕሊ 10 ሽሕ ዝኾኑ ምሩኻት ናብ ዝመረጽዎ ዓዲ ንኸኸዱ ንሱዳን ሰዲድዎም። ኣብ ዓለም ዘይተራእየ ልዕሊ 60 ሽሕ ምሩኻት ነጻ ዝሰደደ ውድብ እዩ። ጀነራላት ደርግ ነበር ኣይተሰዓርናን እንዳበሉ ዝዛረቡ ዘለው እዚ ዓቕሊ ጽበት ክኸውን እንከሎ በቲ ሓደ ወገን ድማ ከም'ቲ ናይ ኣቦታቶም ታሪኽ ምጥምዛዝ እዩ።

ብድሕሪኡ ኣብ 1991 ዓ.ም ወርሒ ግንቦት ኤርትራ ነጻ ምስ ወጸት፣ ናይ በይንና ነጻነት ውሕስነት ክህልዎ ኣይክእልን'ዩ ካብ ዝብል ኣምር ተበጊሱ እቲ ናይ ሓባር ጸላኢና ደርግ ክድምሰስ ኣለዎ ስለ ዝበለ፤ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንምሉእ ኢትዮጵያ ካብ ደርግ ነጻ ንምውጻእ ብ3ተ ግንባራት ናብ ኢትዮጵያ ኣምሪሑ።

ቀዳማይ ግንባር ካብ ኣስመራ ተበጊሱ ብደቀምሓረ ገይሩ ዛላምበሳ ዓዲ ግራት ውቕሮ መቐለ ኣላማጣ ደሴ ኣዲስ ኣበባ

ካልኣይ ግንባር ዓሰብ ቡሬ ናዝሬት ደብረዘይት ኣቢሉ ኣዲስ ኣበባ ንምእታው ተበጊሱ፣ ደብረዘይትናይ ደርግ ዝዓበየ ናይ ነፈርቲ ኲናትን መዳፍዓትን ድሩዓት መካይን ብምንባሩ ኣብዚ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብዙሕ መስዋእቲ ከፊሉ'ዩ። ግንከ ንደብረዘይቲ ተቘጻጺሩ ኣዲስ ኣበባ ኣትዩ።

ሳልሳይ ግንባር ኣስመራ ዓዲ ኳላ ራማ ዓድዋ ኣኽሱም ሽረ ዓደርቃይ ደባርቕ ዳባት ጎንደር ባህርዳር ደብረማርቆስ ገይሩ ኣዲስ ኣበባ ንምእታው ንኹለን ዓድታት ነጻ እንዳ ኣውጽአ ጕዕዝኡ መርሹ። ኮይኑ ግን ባርዳር ብጎንደር ክትኣትዋ ከም ቀጣን ስጋለት በታ ሓንቲ ዓባይ ቢንቶ ናይ ኣባይ ወንዝ ጥራሕ እያ ትስገር። ይኹንእምበር ታንክታት ደርግ ነታ ቢንቶ ዓጊተን ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ምሕላፍ ከሊአንኦ። ብወገን ወያነ ጀነራል ሃየሎም ሰራዊትኮም ከይተጥፍኡ እዚ ክስገር ኣጸጋሚ እዩ ዝብል ሓሳብ ኣቕረቡ። ብሓለፍቲ ህዝባዊ ግንባር ግን ሓንሳብ ከነጽንዕ ዕድል ሓበና ዝብል መልሲ ተዋሂብዎ።

ብድሕሪኡ ከጽንዑ በቲ ኣባይ ወንዝ ዝመጾ ሩባ ላዕሊ ገጾም ደይቦም ኣጽኒዮም ተመሊሶም ታንክታቶም ኣምሪሖም ካብ'ቲ ቢንቶ 2ት ኪሎመተር ዝኸውን ተጓዕዙ። ቁሩብ ጥጥሕ ዝበለ

ቦታ ምስ ረኸቡ ነተን ታንክታት ኣብ'ቲ ሩባ ኣእትዮም ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣርበጆን ከቢድ ብረትን ሒዙ ነተን ታንክታት ረጊጹ ሩባ ተሳጊሩ ማእከል ባህርዳር ኣትዩ። ነተን ናይ ደርግ ታንክታት ነታ ቢንቶ ዓጊተንኣ ዝነበራ ብድሕሪኣን ኣትዩ ብኣርበጅ ተሳሂለን። ነተን ኣብ ሩባ ዝገደፍወን ታንክታት ህ.ግ. ድማ ብኽልኣት ብታንክታት ስሒቦም ካብ'ቲ ሩባ ኣውጺኦም ነቲ መሰናኽል ሓሊፎም መስተንክር ቅያ ፈጺሞም ደብረ ማርቆስ ነጻ ኣውጺኦም ኣዲስ ኣበባ ኣትዮም።

ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣዲስ ኣበባ ተቘጻጺሩ ታንክታቱ ኣምሪሑ ቤተመንግስት ኣራት ኪሎ ደበኽ ኢሉ። ኣብ ማእከል ቤተ መንግስት 4ተ ታንክታት ናይ ህዝባዊ ግንባር ተቓጺለን ኣብነት ንምጥቃስ ታንከኛ ሽሪፎ ድሕሪ 20 ዓመት ኣስመራ ኣትዩ 10 ደቓይቕ ምስ ሰድርኡ ተራኺቡ ከም ኰሎም ተጋደልቲ ታንክኡ ሒዙ ንኢትዮጵያ ኣምሪሑ። ኣብ ማእከል ቤተ መንግስት ኣዲስ ኣበባ ምስ ታንኩም ዝተቓጸሉ ሰውኣት ሓደ ካብኦም እዩ። ኣብ ማእከል ኣዲስ ኣበባን ኣብ ካልኦት ከተማታት ኢትዮጵያ ዝተሰውኡ ሓርበኛታት ታንከኛታትን ኣጋር ሰራዊትን ሓለፍትን ብዙሓት እዮም። ሽሪፎ ከም ኣብነት ዘምጻእክዎ ሓርበኛ ሰውእ እዩ።

ተባዕ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንኹለን ከተማታት ኢትዮጵያ ነጻ እንዳውጽኣ ኣዲስ ኣበባ ክኣቱ እንልከሎ መስዋእቲ እንዳ ከፈለ እዩ በጺሑ።

እዚ ንዓለም ዘገረመ ቅያን ታክቲክን ወያነ ሎሚ ከመይ ገይሮም ይኽሕድዎ። ስለዚ ህዝቢ ኢትዮጵያ እዚ ዝተገብረ መስተንክር ቅያ ክፈልጦ ይግባእ። እዚ ዝተገልጸ ቅያ ካብ ማይ ባሕሪ ብጭልፋ እዩ ታሪኽ ተባዕ ተጋዳላይ ተንቲንካን ጽሒፍካን ዘርዚርካን ዝውዳእ ኣይኮነን

ሕጂ'ውን በዓል ኣማኑኤል ሳህለ ሽወደን መቐለ እንዳ ተመላለሱ ታሪኽ ኣስመራ ክጥምዝዙ ንርእዮም ኣሎና።

ኣማኑኤል ሳህለ ክሓተካ፤ ታሪኽ ኣሉላ ንብረት ኤርትራውያን ክዘርፍ፤ ኣዴታት ክጋሰስ፣ ኤትራውያን ምቕታል፣ ኢድን እግርን ምቍራጽ፣ ጥሪት ክዘምት እምበር፤ ኣሉላ ኤርትራ ክሃንጽ ታሪኽ ሰሚዕናን ኣንቢብናን ኣይንፈልጥን ። ኣስመራ ከም በዓል ኣዱሊስ፣ ቈሓይቶ፣ ተኸንዳዕ፣ ከስከሰ፣ በለው ከለው፣ ድዋርባን ኣይትፈለጥ እምበር ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ከም ገጠራዊት ከታማ ተሃኒጻ ዝነበረት ምኳና ኣብ ታሪኽ ኤርትር ተሰኒዱ ኣሎ።

ሓደ ዕላል ክነግረካ ኣስራት ካሳ ንደቂ የመን ኣብ ሱሳታት ካብ ኤርትራ ክወጹ ትእዛዝ ሂቡ ነይሩ። ኩሎም ተወለድቲ የመን ተኣኪቦም ኣብ ኣስራት ካሳ ከይዶም፣ ጐይታይ ንሕና ቅድሚ ኣምሓሩን ተጋሩን ኢና መጺእና ንሕና ነባራት ኢና ኣምሓሩን ተጋሩን ግን ኣብ ቀረባ እዋን እዮም መጺኦም መጀመርታ ነዚኣቶም ኣውጽኣዮም ብድሕሪኡ ንሕና ክንወጽእ ከም ዝበልዎ ኣይሰማዕካን። ከመይ ጌርካ ኣማኑኤል ገንዘብ ናይ ወያነ ተቐቢልካ ኣስመራ ብተጋሩ ሃኒጾማ ትብልነና። ኣማኑኤል ሳህለ ገንዘብ ክትበልዕ ትኽእል ኢኻ መሳርሒ ጸላኢ ምኳን ኣባኻ ዝተጀመረ ኣይኮነን ኣብ ዕድሜና ብዙሕ ርኢና ኢና ግን ናትካ ነገር ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ተክኖሎጂ ማዕቢሉሉ ኣብ ዘሎ እዋን ኣስመራ መዓስ ተሃኒጻ መን ሃኒጽዋ ትርጉም ኣስመራ እንታይ ማለት እዩ ዝጠፍኣካ ኣይመስለንን ዝበልዐት ከብዲ ዘይትብሎ የብላን እሞ ዘይፈለጥካዮ እንተሎ ኩሉ ስኑድ ስለ ዝኾነ ኣስመራ ኬትካ መዛግብትን ሰነዳትን ተወከስ። ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ከተሸራርፍዎ ኣይትፈትኑ። ታሪኽ ዋናታት ኣለዎ። ሕጂ'ውን ክነግረካ ንህዝብኻ እቕረ ሓቲትካ ኣስመራ ተመሊስካ ታሪኽ ኣስመራ ኣንብብ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና

ዓወት ንሓፋሽ

ተስፋይ ጀርመን